DEVELOPMENTAL DISABILITIES ADMINISTRATION (DDA)

# ናይ ዕድመ ኣርባዕተ (4) ብቕዓት ምቁራጹ ዝገልጽ ምልክታ

## Notification of Age Four (4) Eligibility Expiration

ስምን ኣድራሻን ዓሚል

ስም ተወካልን ኣድራሻን

**ጉዳይ፦ ናይ ዕድመ ኣርባዕተ (4) ብቕዓት ምቁራጹ ዝገልጽ ምልክታ**

ውሉድካ ኣብዚ እዋን እዚ ዓሚል ናይ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) እዩ። ንሱ/ንሳ ኣብቲ ኻብ ውልደት ክሳዕ ሳልሳይ ዓመት ዝበሃል መደብ ወይ ከኣ ኣብቲ መደብ ጽዑቕ ሕክምናዊ ኽንክን ህጻናት ዝበሃል መደብ ስለ እተመዝገቡ እዮም እዩ። ውሉድካ ኣብ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ዘለዎ ብቕዓት ወዲ/ጓል ኣርባዕተ ዕመት ምስ ኮነ ኽቋርጽ እዩ። ውሉድካ ኣብ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ዘለዎ ብቕዓት ሒዙ ምእንቲ ክቕጽል፡ ወዲ ኣርባዕተ ቅድሚ ምዃኑ ኽተመልክት ኣሎካ። ውሉድካ ብመሰረት እቲ ኣብቲ ምስዚ ወረቐት እዚ ተተሓሒዙ ዝርከብ ሰደቓ ሰነድ ብቕዓት ተዘርዚሩ ዝርከብ ብቕዓታት፡ ብቑዕ እንተ ኰይኑ እንደገና ኽውሰን እዩ።

**ብኸመይ እንደገና ኽም እተመልክት፦**

ውሉድካ ወዲ ኣርባዕተ ቕድሚ ምዃኑ እንተ ወሓደ ቕድሚ 90 መዓልቲ፡ ናይ እንደገና መመልከቲ ፎርም ምእንቲ ኽውሀበካ፡ ናብቲ ኣብ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ዝርከብ ናይ ምቕባልን ብቕዓትን ቤት ጽሕፈት ኺድ። ነዚ ደብዳበ ብምጽሓፍ ክትገብሮ ወይ ከኣ ናብቲ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ቁጽሪ ተሌፎን ክትድውል ትኽእል ኢኻ። መመልከቲ ፎርም ብደብዳበ ኽለኣኽለካ እዩ። ናብዚ ዝስዕብ ወብ ሳይት ብምእታው እውን ነቲ መመልከቲ ኽትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፦ [https://www.dshs.wa.gov/dda/consumers-and-families/eligibility](https://www.dshs.wa.gov/dda/consumers-and-families/eligibility).

**እንደገና እንተ ዘይኣመልኪተኽ፤**

ነቲ ናይ እንደገና መመልከቲ ፎርም እንተ ዘይሓቲትካ ወይ ከኣ ነቲ መመልከቲ እንተ ወሓደ ቕድሚ 60 መዓልቲ እንተ ዘይልኢኽካዮ፡ ውሉድካ ኣብ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ዘለዎ ብቕዓት ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ምስ ኮነ ኽቋርጽ እዩ። ውሉድካ ካብ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ብገንዘብ ዝግበር ኣገልግሎት ዝወሃቦ እንተ ኰይኑ፡ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ምስ ኮነ እቲ ኣገልግሎት ክቋርጽ እዩ።

**ናይ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ብቕዕት ምቁራጹ፡ ነቶም ኣብ ፍሉይ መደብ ትምህርቲ ዝርከቡ ወይ ንSSI ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት ኣይጸልዎምን እዩ። ንኻልእ ከም ናይ ሕክምና፡ ናይ TANF፡ ወይ ናይ ምግቢ ድጎማ ዝኣመሰለ ናይ DSHS ኣገልግሎት እውን ዝጸሉ ኣይኮነን።**

በጃኻ ብእተኻእለካ መጠን ብቕልጡፍ ምላሽ ሃብ፣ ልዕሊ ኹሉ ግና ውሉድካ ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ቅድሚ ምዃኑ እንተ ወሓደ 90 መዓልቲ ኣቐዲምካ ሓብር። እንተ ዘይሓቢርካና፡ ውሉድካ ኣብ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ዘለዎ ብቕዓት ክቕጽል ከም ዘይትደሊ ጌርና ኽንድምድም ኢና። ውሉድካ ወዲ ኣርባዕተ (4) ዓመት ቅድሚ ምዃኑ ብቕዓት ከም ዘለዎ ዝገልጽ ግቡእ ሰነድ እንተ ዘየልዩ፡ ውሉድካ ኣብ መበል ራብዓይ (4ይ) ዓመቱ ንምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ከምኡውን ንኣገልግሎት ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ብቑዕ ከም ዘይኮነ ጌርካ እዩ ዝቕጽር።

ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ወይ መመልከቲ ሰነድ እንተ ደሊኻ፡ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ጽሓፍ፦

| ስም | ቁጽሪ ተሌፎን | ኢ-መይል |
|---|---|---|
| | | |

ንብቕዓት ዝምልከት ሕጊ ዝገልጽ ናይ ሕጊ ቕዳሕ እንተ ደሊኻ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርአ፦
[https://www.dshs.wa.gov/dda/consumers-and-families/eligibility](https://www.dshs.wa.gov/dda/consumers-and-families/eligibility).

ቅዳሕ ን፦ ናይ ዓሚል ፋይል

## ናይ ብቕዓት ሰነድ ሰደቓ

| ኲነታት ስንክልና | ዕድመ | ምርመራ ኲነታት ጥዕና | ምርመራ ዘካየደ ዶክተር | ካልእ ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|
| ዕቤታዊ ምድንጓይ | ካብ 4 ክሳዕ 9 ዓመት | ዕቤታዊ ምድንጓይ | ዕቤታዊ ምርመራ ኽገብር ዝኽእል ብቕዓት ዘለዎ ብዓል ሞያ | ካብ 4 ክሳዕ 9 ዓመት — ናይ -1.5 SD ሰለስተ ወይ ልዕሊኡ ምድንጓይ ወይ ናይ 25 % ተኸታታሊ ዕድመ ምድንጓይ፡ ኣብ ዝሓለፈ 12 ወርሒ ተመርኲስካ ኣብ ዝግበር ምርመራ ዝውከል እዩ። |
| ሕክምናዊ ጽዕጹዕነት | ክሳዕ 17 ውልደት | | | ንመደብ ጽዕጹዕ ሕክምና ህጻናት ብቑዕ ዝኾነ። |
| ኣእምሮኣዊ ስንክልና | 4 ዓመትን ልዕሊኡን | ኣእምሮኣዊ ስንክልና (ቅድሚ ሎሚ ኣእምሮኣዊ ድንጋዘ) | ምስክር ወረቐት ዘለዎ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓኪም፡ ኣብ ዋሽንግተን ብሃገራዊ ማሕበር ሓካይም ስነ ኣእምሮ እተመስከረሉ ናይ ብቕዓት ወረቐት ኣብ ዘለዎ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓኪም | ምሉእ ናይ IQ ውጽኢት እውን ዘጠቓልል ምሉእ ናይ ስነ ኣእምሮ ምርመራ፣ እዚ ኸኣ ካብቲ ግቡእ ዝብሃል ብኸልተ መለክዒ ንታሕቲ ዝኾነ፡ ከምኡውን ብኽእለት ኣብ ዝግበር ምርመራ ካብቲ ግቡእ ዝብሃል ብኽልተ መልክዒ ንታሕቲ ዝወረደ ምዃኑ ዝሕብር ስነ ኣእምሮኣዊ መርመራ። |
| ሓንጎላዊ ልምሰት | 4 ዓመትን ልዕሊኡን | ሓንጎላዊ ልምሰት<br>ልምሰት መሓውር<br>ናይ ፍርቂ ሰብነት ልምሰት<br>ናይ ተመሳሳሊ ኽፍሊ ሰብነት መልመስቲ | ፍቓድ ዘለዎ ሓኪም | ቅድሚ 3 ዓመት ዕድመ ኣብ ዘሎ ናይ መጀመርታ ግዜያት ከምኡውን በብመዓልቱ ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ምንቅስቓሳት ብቐጥታ ኣካላዊ ድጋፍ ከም ዘድሊ ዝሕብር ሓበሬታ (ናብ ሸቓቕ ምኻድ፡ ነብስኻ ምሕጻብ፡ ምብላዕ፡ ክዳን ምኽዳን፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምንቅስቓስ፡ ወይ ምዝርራብ)። |
| ሕማም ምንፍርፋር | 4 ዓመትን ልዕሊኡን | ሕማም ምንፍርፋር ወይ ዘንፈርፍር ዓይነት ሕማም | ብቦርድ ፍቓድ እተዋህቦ ናይ ስነ መትኒ ሓኪም | ምርመራ ኹነታት ጥዕና ኣብ ታሪኽ ሕክምናን ኣብ ስነ መትናዊ ፈተነን እተመርኰሰ እዩ፣ እዚ መረጋገጺ እዚ እተረኽበ ኻብ ሓኪም ወይ ካብ ናይ ስነ መትኒ ኽኢላ ኾይኑ፡ መቈጻጸሪ ዘይብሉ ቐጻሊ ምንፍርፋር ወይ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ዘንፈርፍር ዓይነት ሕማም እዩ፣ ከምኡውን ንነገራት ምስ ዝህቦ ምላሽ እተተሓሓዘ ፈተነ ኸም ዝሕብሮ፡ ዓብዪ ድሩትነት ከም ዘለዎን ካብቲ ግቡእ ዝብሃል መለክዒ ብኽልተ መለክዒ ዝወረደ ምዃኑን እዩ ዘርኢ። |
| ኦቲዝም (per DSM-IV) | 4 ዓመትን ልዕሊኡን | ኦቲዝም ወይ ምስ ኦቲዝም ዝተሓሓዝ ሕማም<br>Per 299.00 DSM-IV-TR | ፍቓድ ዘለዎ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓኪም፡ ምስ ኦቲዝም ወይ ማእከል ዕቤት ዝተሓሓዝ ፍቓድ ዘለዎ ኽኢላ ነርስ (ARNP) ወይ ብቦርድ ፍቓድ ዘለዎ፦ ናይ ስነ መትኒ ሓኪም፡ ሳይክያትረኛ፡ ወይ ናይ ህጻናት ዕቤትን ጠባይን ዝፈልጥ ኽኢላ ተኸናኻኒ ህጻናት | ብመሰረት DSM-IV እተገብረ ምሉእ መርመራ፡ ንኹሉ ጥዕናዊ መርመራ ዘማልእ ኾይኑ፡ ቅድሚ 3 ዓመት ዕድመ ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ ማሕበራዊ፡ ቋንቋዊ፡ ዘረባዊ፡ ምሳልያዊ ወይ ብኣእምሮ ኣብ ዝግበር ጸወታ ዝድንጉ ምዃኑ ዘርኢ መርትዖ ኣሎ፣ ከምኡውን ንነገራት ምስ ዝህቦ ምላሽ እተተሓሓዘ ፈተነ ኸም ዝሕብሮ፡ ዓብዪ ድሩትነት ከም ዘለዎን ካብቲ ግቡእ ዝብሃል መለክዒ ብኽልተ መለክዒ ዝወረደ ምዃኑን እዩ ዘርኢ። |
| ምስ ኦቲዝም ዝተሓሓዝ ሕማም (per DSM-V) | 4 ዓመትን ልዕሊኡን | ምስ ኦቲዝም ዝተሓሓዝ ሕማም 299.00<br>ብመሰረት DSM-5 እንተላይ ደረጃ ኽቢድ ኲነታት 2 ወይ 3 ኣብ ክልቲኡ ዓምዲ ዝርከብ | ፍቓድ ዘለዎ ናይ ስነ ኣእምሮ ሓኪም፡ ምስ ኦቲዝም ወይ ማእከል ዕቤት ዝተሓሓዝ ፍቓድ ዘለዎ ኽኢላ ነርስ (ARNP) ወይ ብቦርድ ፍቓድ ዘለዎ፦ ናይ ስነ መትኒ ሓኪም፡ ሳይክያትረኛ፡ ወይ ናይ ህጻናት ዕቤትን ጠባይን ዝፈልጥ ኽኢላ ተኸናኻኒ ህጻናት | ብመሰረት DSM-IV እተገብረ ምሉእ መርመራ፡ ንኹሉ ጥዕናዊ መርመራ ዘማልእ ኾይኑ፡ ቅድሚ 3 ዓመት ዕድመ ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ ማሕበራዊ፡ ቋንቋዊ፡ ዘረባዊ፡ ምሳልያዊ ወይ ብኣእምሮ ኣብ ዝግበር ጸወታ ዝድንጉ ምዃኑ ዘርኢ መርትዖ ኣሎ፣ ከምኡውን ንነገራት ምስ ዝህቦ ምላሽ እተተሓሓዘ ፈተነ ኸም ዝሕብሮ፡ ዓብዪ ድሩትነት ከም ዘለዎን ካብቲ ግቡእ ዝብሃል መለክዒ ብኽልተ መለክዒ ዝወረደ ምዃኑን እዩ ዘርኢ፣ ብዘይካዚ፡ ናይ FSIQ መለክዒ ኸም ዝሕብሮ ካብቲ ግቡእ ዝብሃል መለክዒ ብኽልተ መለክዒ ዝወረደ እዩ — ወይ — ብመሰረት DSM-IV ነቲ ምስ ኦቲዝም ዝተሓሓዝ ሕማም 299.00 ዝምልከት ብቕዓት ዘማልእ እዩ። |
| ካልእ ናይ ስነ መትኒ ሓኪም ወይ ካልእ ምስ ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዝተሓሓዝ ተመሳሳሊ ሕማም | 4 ዓመትን ልዕሊኡን | ኣእምሮኣዊ ስንክልና ኽስዕብ ዝኽእልን ንነገራት ኣብ ዝወሃብ ምላሽ ከም እትድንጉ ኽገብር ዝኽእልን ስነ መትናዊ ወይ ምስ ክሮሞዞም ዝተሓሓዝ ሕማም | ፍቓድ ዘለዎ ሓኪም | ምሉእ ናይ IQ ውጽኢት እውን ዘጠቓልል ምሉእ ናይ ስነ ኣእምሮ ምርመራ፣ እዚ ኸኣ ካብቲ ግቡእ ዝብሃል ብኸልተ መለክዒ ንታሕቲ ዝኾነ፡ ከምኡውን ብኽእለት ኣብ ዝግበር ምርመራ ካብቲ ግቡእ ዝብሃል ብኽልተ መልክዒ ንታሕቲ ዝወረደ ምዃኑ ዝሕብር ስነ ኣእምሮኣዊ መርመራ። |
| **መተሓሳሰቢ፦** እዚ ፎርም እዚ ሓፈሻዊ መምርሒ ዝሓዘ ጥራይ ስለ ዝኾነ፡ ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ተወሳኺ ሓበሬታ ኽወሃቦ ወይ መርመራ ኽግበር ክሓትት ይኽእል እዩ። እዚ ሰነድ እዚ፡ ብቕዓት ዘማልእ እንተ ኾይኑ ኣብ ምውሳን ናይ መጀመርታ ደረጃ እዩ። ብቕዓት ምምሕዳር ምዕባለኣዊ ስንክልና (DDA) ብመሰረት WAC ምዕራፍ 388-823 እዩ ዝውሰን። | | | | |